ናብ ኣዳላዊት ሽማግለ መበል 25 ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራ, ካሰል

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን,

እቐዲመ እንቛዕ ንመበል 25 ዓመት ፌስቲቫል ካሰል ኣብጽሓኩም ይብል። ኣብ ካሰል ዝካየድ ዓመታዊ ሰፊሕ ብዓል ፈስቲቫል ኤርትራ, ንጉዳይ ህዝብናን ህልዊ ኩነታት ሃገርና ኤርትራን፡ ዝጠቕሙ ኣገደስትን እዋናውን ፖለቲካዊ ኣስተምህሮታትን ዓውደ መጽናዕትን ከስተናግድ ዝጸንሐን፡ ዘሎን ታሪኻዊ መጋበኢያ እዩ:: እዚ ሎሚ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምስልሳል ኤርትራውያን ካብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝተኣኻከብሉ ዘለዉ መድረኽ, እዚ ታሪኻዊ ፈስቲቫል ካሰል ዝወለዶን ናይዚ ን25 ዓመታት ሰልክዩና ከይበሉ: ብፈስቲቫል መልክዕ: ንኹሉ ዘዋስእ መድረኽ: ዘዳለዉ ተባዓት ኤርትራውያን ጻማ ፍረኹም እዩ: ክብል ኩርዓት ይስመዓኒ:

ከምቲ እትግንዘብዎ ናብ ሃገራዊ ዋዕላ ን ደሞክራሲያዊ ለውጢ ክካፈል ስለዝኾንኩ: ግን ከኣ ከምቲ ኣብ መደብ ዘሎ  ምስ ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ካስልን ተሳተፍቲ ሃገራዊ ዋዕላን ብቐጥታ ናይ ምርኻብ ዕድል ስለዘሎ ክሳብ ሽዑኡ ከም ወትሩ ዕዉት ፈስቲቫል እትምነየልኩም::

ዓወትን ሓርነትን ንውጹዕ ህዛብና
ዓወት ንሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክርሲያዊ ለውጢ
ዓወት ንኢዮቢሊያዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ካሰል

ሓውኹም ምሓሪ ኣብርሃ

ኣዳላዊ ቲቪ ዘተ ስቶኮሎም, ሽወደን

ሓምለ 2010